ኣብ ቤት ፅሕፈት መንገድን ኮንስትራክሽንን መጋዓዝያን ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ዝርከብ ከ/ስ/ህንፃን ዲዛይንን ኣብ በጀት ዓመት 2011ዓ/ም ኣብ ዞባ ምብራቅ ከተማ ውቅሮ ኣብ ጣብያ ደደቢት በዓል 2ተ ደብሪ ቤት ፅሕፈት ከስርሕ ስለዝደለየ ንኩሎም ደረጃ 8ተ ኣናእሽተይ ትካላት ንግዲ DC BC ፍቃድ ስራሕ ዘለኩም ኮንስትራክሽን ሕብረት ሽርክናን ውልቀን ክትጫረቱ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ መጋቢት 4, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 25, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፀዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 25, 2011 3:31 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ምስክር ወረቀት  ምዝገባ ፍቃድ ንግዲ፣ ኣብ 2011ዓ/ም ዝተሓደሱ መረዳእታታት ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ደኣንት ዝተውሃቡ ብርኪ ትካል ምስክር ወረቀት፣ ፍቃድ ስራሕ ንግድን ፣ መለለይ ቀቁፅሪ ከፋላይ ግብርን ፣ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ፣ ፍቃድ ኮንስትራክሽን ፣ ምዝገባ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምስክር ወረቀት፣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ

2 መከበሪ ውሕስና ጨረታ ካብ ዝተፈለጠ ናይ መድሕን ትካል ወይ ካብ ባንኪ ዝወሃብ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ 10000.00 ሽሕ ቅርሺ ከቅርቡ ኣለዎም።

3 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ናይ ህንፃ ስራሕ ፕሮጀክት ስራሕቲ ቦታ ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 545 መዓልቲታት ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም።

4 ኩሎም ተጫረቲ ከጫረትዎ ዘደልዩ በዓል 2ተ ደብሪ ቤት ፅሕፈት ሰነድ ጨረታ ካብ 05/07/2011ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ከተማ ውቅሮ ዝርከብ ኣድላይ መረዳእታታት ብምሓዝን ዘይምለስ 100.00 ቅርሺ ብምክፋል ከገዝኡ ይክእሉ።

5 እቲ ጨረታ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ 25/07/2011ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3፡30 ንግሆ ኣብ ቢሮ መንገድን ኮንስትራክሽንን መጋዓዝያን ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ 4ይ ደብሪ ቁፅሪ 5 ክክፈት እዩ።

6 እቲ ከይዲ ስራሕ ካልእ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0344-430380 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle